# ውሳኔታት ኣኼባ ኤርትራዊ ህዝባዊ መኸተ
# ዋሽንግተን ዲሲ

ንሕና ፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ንነብር ኤርትራውያን ፡ ሎሚ ሕዳር 18, 2007 "ቅድም ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት" ኣብ ትሕቲ ዝብል እዋናዊ ቴማ ድሉውነትና ንሃገራዊ መኸተ ዘረጋግጽ ታሪኻዊ ህዝባዊ ኣኼባ ድሕሪ ምክያድን፣ ብዛዕባ ህሉዉ ኩነታት ሃገርና ብዝምልከት፡ ነብስና ንምኽኣልን፡ ስምርቲን ብልጽግትን ሃገር ንምህናጽ፡ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ንዝሰላሰል ዘሎ ወፍሪ ሃገራዊ ቁጠባዊ ልምዓት፡ ኣብ ምክልኻልን ምድልዳል ሃገርን ሃገራውነትን ዘለዎም ወሳኒ ተራ ብምግንዛብ፤

ስርዓት ወያነን መሻርኽቱን ንህላወና ኣብ ሓደጋ ንምዉዳቕ ዝዋደድ ዘሎ ወተሃደራዊ ምድላዋትን ሃቐነታቱን ብምስትውዓል፡ ነዚ እኩይ ዉጥን ደገፍን ጉልባብን ንምሃብ ንመንግስቲን ህዝብን ኤርትራን መሪሕ ውድብን ብፈጠራዊ ጸለመ ጸሎሎ እናቐባእካ ሓድነትና ንምዝራግን ሃገራዊ ድሕነትና ኣብ ሓደጋ ንምዉዳቕ ንዝግበር ፈተነታት ብዕምቀት ድሕሪ ምዝታይ፤

ነዚ ዝስዕብ ዉሳነታትን ለበዋታትን ነሕልፍ፡

1. ውዕል ኣልጀርስን ብይን ኮሚሽን ዶብን ናይ ሚያዝያ 2002 መሰረት ብምግባር፡ ዶብ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቅድመ ኩነት ኣብ ባይታ ክምልከት ንጠልብ፡

2. ካብ ስምምዕ ኣልጀርስን ውሳኔ ኮሚሽን ዶብን ወጻኢ ዝኾነ ይኹን ካልእ ኣማራጺ ፍታሕ ንምንዳይ ዝግበር ፈተነታት ኣትሪርና ንኹንን፡

3. ነቲ ኣንቂድካ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ንምጽላምን ንምክፍፋልን ዝግበር ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ጸለመታት ኣትሪርና ንኹንን፡

4. መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን፣ ምርግጋእን ንምርግጋጽ ዘካይዶ ዘሎ ዓቃልን ንመጻኢ ዝጠመተ ጻዕሪ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጉዳያት ምብራቕ፣ ምዕራብን፣ ደቡብን ሱዳን፣ ከምኡ'ውን ሶማልያ ዝኸተሎ ዘሎ ኣተሓሕዛ ነመጕስን ንድግፍን፡

5. ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ቀዳሞት ግዳያት ግብረ ሽበራን ቀዳሞት ተቓለስቱን ክንሶም ኣብ ልዕሊኦም ዝግበረ ፈተነን ጸለመታትን ግብረሽበራ፡ ንነጽግ። ኤርትራን ህዝባን ከኣ ኣንጻር ሽበራ ዘለዎም መርገጺ ኣብ ታሪኾም ብግብሪ ዘመስከርዎ ሓቂ ምዃኑ እንዳዘኻኸርና፡ እቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ ንህዝቢ ኤርትራ ኣደዳ ሞትን ድሕረትን ስቅያትን መከራን ዝገበረ ግጉይ ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ከብቅዕን፡ ኣመሪካ ምስ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ብተጻብኦ ብሽርክነት ዝምድናኣ ንኽተማሓይሽ ንጽውዕ፡

6. ኩሉ ዓይነት ፈኸራን ምውጥዋጥ ዅናትን እንዳኾነንና፡ ስርዓት ወያነን መሻርኽቱን ብዶብ ኣሳቢቦም ኣብ ኤርትራ “ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት” ሃዋሁ ብምቕጻል፡ እንተኾይኑሎም ሕልናና ከረብርቡ፡ እንተዘይኮነሉም ድማ ብሓይሊ ብረት ሕልማዊ ዕላማታቶም ንምውቃዕ ዝገብርዎ ዘለዉ ምድላዋት፡ ሎሚ’ውን ከም ኩሎም ቀዳሞት ፈተነታቶም በርዒኖም ከም ዝተርፉ ከምዘይንጠራጠር ነፍልጥ፡

7. ኩሉ ንሃገርና ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ዘይምኽኑይ ተጻባኢ ተግባራት እንዳኾነንና፡ ሃገርና ኣብ ምክልኻል ከም ወትሩ ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ሰራዊትናን ደው ኢልና ኩሉ ካባና ዝጥለብ ከምንገብርን ከምንምክትን ዳግማይ ቃልና ነሐድስ፡

8. ኤርትራ ነብሳ ኪኢላ፡ ዜጋታታ ኮሪያም፡ ቀጻልነታ ዘረጋገጸትን ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ምስ ኩለን ምዕቡላት ሃገራት ብማዕርነት ንኽትስራዕ ብህዝብን፣ መንግስትን፣ ሓይልታት ምኽልኻልን ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ይሰላሰል ንዘሎ መደባት ልምዓት እናሞገስና፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ምክልኻልን ልምዓትን ኣብ ጎድኖም ከምዘለና ድልዉነትና ዳግማይ ነረጋግጽ። ከም መርኣይ ግብራዊ ደገፍና ከኣ፡ ንልምዓትን ምክልኻልን ሃገር ዝውዕል ነብሲ ወከፍ $500 ወፈያ መኸተ ክነወፊ ንውስን።

ሎሚ’ውን ከም ትማሊ

ሓደ ልቢ ንምርግጋጽ ፍትሒ
ሓደ ልቢ ንምርግጋጽ ሓድነት
ሓደ ልቢ ንኤርትራ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዋእትና!!!
ዋሽንግተን ዲሲ (ሕ.መ.ኣ.)
ሕዳር 18, 2007